Verband der Psychomotoriktherapeutinnen und -therapeuten
Association des thérapeutes en psychomotricité
Associazione dei terapeuti della psicomotricità

psychomotorik schweiz
psychomotricité suisse
psicomotricità svizzera

ሳይኮሞቶር – ኣዝዩ ክንዮ ምንቅስቓስ ጥራይ ዝኸይድ

## ሓደ መልሲ ኣብ ብዙሕ ኲነታ

ጸገማት ኣብ ኣተኣላልያ ስምዒታት፡ ምዕባለኣዊ ዘይስሩዕነታት፡ ኣካላዊ ዘይርጉእነት፡ ጸገማት ኣብ ናይ ሞተር ክእለታት ወይ ኣብ ምፍጣር ማሕበራዊ ርክባት፣ ናይ ሳይኮሞቶር ፍወሳ ኣብ ብዙሕ ኲነታት ግብራዊ ሓገዝ ይህብ። ንሱ ኣብ ኩሉ ዕድመታት ንዘለዉ ሰባት ዝጠቅም ዕድል እዩ!

## ሳይኮሞቶር እንታይ እዩ፧

ሳይኮሞቶር ንስምዒታዊ ጸገማት ወይ ዝተሃሰየ ናይ ሞቶር ክእለታት ዘለዎም፡ ናይ ባህሪ ምዝንባላት ወይ ጸገማት ማሕበራዊ ርክባት ንዘለዎም ቖልዑ፡ በጽሕታትን ዓብይትን እዩ። ንሱ ኣብ መንነ ናይ ምስትውዓል፡ ህዋሳውን ተገንዝቦኣውን መስርሓት ዘሎ ዝምድናን ንሳቶም ድማ ንግብረመልስታት ዝጸልውሉ መንገድን የጽንዕ።  እቲ ዝንቀሳቐስ ሰብነት ኣብ ሳይኮሞቶር መሰረታዊ እዩ ዋላ'ኳ እቲ ኣገባብ ቀጻሊ ኲለንታዊ እንተኾነ፣ እቶም ንሰብ ቅርጺ ዘትሕዝዎ ስነ-ኣእምሮኣዊ፡ ማሕበራውን ባህላውን ጽልዋታት ኩሉግዜ ገድኒ ጎድኒ እቶም ፍጹም ኣካላዊ ግምታት ኣብ ግምት ይኣትዉ እዮም።

## ሳይኮሞቶር ብኸመይ ክሕግዝ ይኽእል፧

ሳይኮሞቶር ንዘለዉ ክእለታትን ብቕዓታትን የተባብዕን የደንፍዕን ከምኡ ድማ ሰባት ዝሓሸ ግንዛበ ናይ ገዛእ ርእሶም ሰብነት ንኽህልዎም ይሕግዝ። ንሱ ብፍላይ ነዞም ዝስዕቡ ኣብ ምድጋፍ ጠቓሚ እዩ

- ምውህሃድ፡
- ርእሰ ምሕደራ፡
- ማሕበራዊ ክእለታት፡
- ርእሰ-ተኣማንነትን ተኣማንነት ኣብ ካልእ ሰባትን፡
- ክእለት ምቊጽጻር ባህርኻ፡
- እቲ ሚዛን ኣብ መንጎ ኣካላውን ስምዒታውን ግብረመልስታት
- ዝወሰኸ ምድሳት ብምንቅስቓስ።

ከም ገታኢ ብምጥቃም፡ ሳይኮሞቶር ዓይነት ህይወት ከመሓይሽን ካብ ዕሸልነት ኣትሒዙ ምዕባለ ከተባብዕን ይኽእል።

## ንወጻኢታት ፍወሳ ሳይኮሞቶር መን ይሽፍኖ፧

እዚ ኣብቲ ትነብረሉ ኣውራጃ ይምርኮስ። ሓበሬታ ብዛዕባ መን ሓላፍነት ከምዝወስድ ኣብ ሓደ ካብዞም ዝስዕቡ ክርከብ ይኽእል

- ካብቲ ናይ ርክብ ሰብ ንPsychomotorik Schweiz ኣብ ኣውራጃኹም ወይ
- ካብቲ ኣብ ዞባኹም ዝሰርሕ ዘሎ ናጻ ፈዋሳይ ሳይኮሞቶር።

ንተወሳኺ ሓበሬታ ኣብ መርበብ ሓበሬታና ብጽሑ፥ www.psychomotorik-schweiz.ch

Psychomotorik Schweiz
Genfergasse 10
3011 Bern

Telefon 031 301 39 80
info@psychomotorik-schweiz.ch
www.psychomotorik-schweiz.ch

Quelle: Text aus der Broschüre von Psychomotorik Schweiz in Zusammenarbeit mit relatif, Lausanne